መሪሕነት ህ.ግ.ሓ.ኤ ምዓስ ተጸይቑ?
(4ይ ክፋሊ)
ድኻ ዘገልገሎ ሃብታም ክኣ ዝተበደሎ ይቖጽር

ኣተሓሕዛ ተጋደልቲ ብኣብነታት፣
ኣተሓሕዛ ሓደ ውጉእ
1.ሓደ ብጻይና ነበረ። ስሙ ረሲዐዮ ግና። ተወልደ...ይመስለኒ። እዚ ሰብዚ (ስድርኡ ተረዲኡም ኢዮም)ዓዱ፣ ዓደብዑር ሓደግቲ ኢዩ። ንሱ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ምስ ኣቡኡ ኮይኑ ይምሃር ነበረ። ካብ ኣዲስ ኣበባ ትኽ ቢሉ ንሜዳ ተሰለፈ። ዝተዉልደሉ ዓመት ብግምት 1959-1961 ኢዩ።(እዚ ሓበሬታ እዚ ሓደ ግዜ መራሕ-መስርዐይ፥ዘይተማህረ ስለ ዝነበረ፣ ኦርኒክ፣ ማለት ሊስታ ናይ ተጋደልቲ ግበረለይ ስለ ዝበለኒ ፈለጥኩዎ።)
ደንጎሎ ብህ.ግ.ሓ.ኤ ክትትሓዝ ከላ መስከረም 1977 ብርቱዕ መቑሰልቲ ቆሰለን ሓንቲ ዓይኑ እውን ዓወረት። ብድሕሪኡ ናብ ሕክምና ከደ። ካብ ሕክምና ክኣ "ሓዊኻ" ተባሂሉ ኣብ መወዳእታ 1978 ናብ ኣሃዱና ተመልሰ።.......... ሓደ ምዓልቲ ቃንዛ ምስ በርትዖ ምስ ሓካይም መስርዕን ጋንታን ተዘራረበ። እቶም ሓክይም ክኣ ብኣንቲ-ባዮቲካ ክፍውሱዎ ድሕሪ ምፍታኖም ካብ ዓቅሞም ንላዕሊ ከም ዝኾነን ፈዉሲ ከም ዘይነበሮምን ነገርዎ። ብድሕሪኡ ኣብ ኣኼባ ናይ መስርዕ "ኣነ ዓይነይ ስለ ዝቑንዞ ዘሎኹ ካብ ብግዜ ለይቲ ዋርድያ ምዉጻእ ነጻ ግበሩኒ። ቁሪ ለይቲ ንዓይነይ ቃንዛ ይገብረለይ ኣሎ" ቢሉ ለመንኡ ኣቕረበ።
ብዙሕ ግዜ ኣብ ህ.ግ.ሓ.ኤ "ኣንቱም ደርቢ ሓረስቶትን ሸቃሎን፣ እዚ ውድብ ናትኩም ኢዩ። ምሁራትን ንኡስ-ብርጅዋታትን እቲ ሓይሊ ከይምንዝዕዎ ተጠንቀቑሎም።" ዝብሃል "ምዕዶ" ይዝውተር ነበረ። በዚ ምኽንያትዚ ሓላፍነት ተሰኪሞም ዝንቀሳቐሱ ብዙሓት ዘይምሁራትን ሓደ-ክልተ ምሁራትን ነበሩ። ብወግዒ ዝፍለጥ ሓላፍነት ኣይነበሮምን። ግና ሓይሊ ከም ዝነበሮም ይፍለጡ ነቢሮም። (ሕጂ ተመሊሰ ክሓስቦ እንከለኹ፣ እዚኣቶም እቶም ኣባላት ሰልፊ ወይ ክኣ ኣባላት ናይ ሓለዋ-ሰውራ ኢዮም ነቢሮም ቢለ ይግምት።)
እዞም ሰባት እዚኣቶም ነዚ ውጉእ ብጻይና ብከምዚ ዝስዕብ ዘሸብር "ነቐፌታታት" ወቐዑዎ። እታ ዓይንኻ ተሎኾኻ ስለ ዝኾነት ዛሕሊ ክኣትዋ ኣይክእልን ኢዩ። ክትቁንዞ ኣይትኻልን ኢኻ። ሞራልካ ኣይተዉድቕ። ነቲ ሓንቲ ዓይንኻ ዝኸፈልካሉ ዕላማ ሙሉእ ህይወትካ ክተስዕበሉ ኢዩ ዝግብኣካ። ነዛ ዓይንኻ መሸቀጢ ትገብራ ኣሎኻ። ምእንቲ ካብ ቅድመ-ግምባር ክተንሳሕብ........ወዘተ።  ሕቶ ናይዚ ብጻይ እዚ ንምምላሽ ቀሊል እዩ ነቢሩ።ግና መሪሕነት ህ.ግ.ሓ.ኤ ኣጸብዐይ እንተሃብኩዎስ ኢደይ ክወስዳ ኢዩ ብዝብል ምሳሌ ተመሪሖም ነዚ ብጻይ ገጽ ክኸልእዎ መደቡ።

እዚ ውጉእ ብጻይና ሓፍ ብምባል፣ ነቲ ኩሉ ዝተጠቕየ ሓሶት ምኽኑ ድሕሪ ምግላጹ፣ ኣብ ዘረባኡ ሕርቃን ወሰኸሉ እሞ፣ መራሒ መስርዕ (ክፍሊ) ነጥቢ ስነ-ስርዓት ብምባል ዘረባኡ ኣቋረጾ። ተነቐፈሉ ምስ ተባህለ እዚ ውጉእ ብጻይና እምቢ በለ። በዚ ምኽንያት ኣዚ ክኣ እዚ ውጉእ ብጻይና ኣብ ዓዲ-ሻኻ (ኣብ ድፋዕ ገረሚ ከሎና ኣብ ክልተ ቂነ ሓንሳብ ንዓዲ ሻኻ ከይድና ነዕርፍ ነበርና። ሓደ ሓደ ግዜ እውን ንወዲ-ትኹል ካብ መራሕቲ ኣፍቂድና ንዕድሞ ነበርና። ወዲ-ትኹል ወዲ ብሪገደይ ኢዩ ነይሩ። ዉጩ መራሕ-ብሪገድይ ነበረ።) ብረቱን ዕጣቑን ገይሩ ካብ ዓዲ ሻኻ ናብቲ ማይ ዝነበሮ ሩባ ገጹ ወሲዶም ንቁልቁለትን ንዓቀበትን ገጹ ኣንፋሓኹዎ። ብድሕሪኡ እውን እንተኾነ መቕጻዕቱ ቀጸለ። ብለይቲ እውን ዋርድያ ይወጽእ ነበረ።
እዚ ጉዳይ ዚ ናብ ኢድ ሓካይም ክሓልፍ ምተገብአ። ግና ኣይተገብረን። ብድሕሪ ኩናት ገረሚ ነዚ ሰብ እዚ ኣይርኣኹዎን። ግና ድሕሪ ምዉዳእ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ስድርኡ ከም ዝተረድኡ ሰማዕኩ።
2.ብጻይ ኣፍወርቂ፣ ዝተዉልደሉ ዓመት ብግምት 1940 ኣቢሉ ይኸውን።
ቁሩብ ሰሙናት ድሕሪ ውግእ በለዛ (በለዛን ዓዲ ንፋስን ዝተታሕዘሉ ግዜ) ጸላኢ ንከባቢ ዓንሰባ (መቓርካ ይመስለኒ) ገጹ ደፊኡ ነይሩ። እቲ ቦታ ብልክዕ ምፍላጡ ግን ነዚ ክብሎ ደልየ ዘሎኹ ብዙሕ ኣገዳሲ ኣይኮነን። ግና ጸላኢ ብርቱዕ መድፋኣቲ ገቢሩ ነበረ።
(ኣብ ህ.ግ.ሓ.ኤ፣ ተዳሎ፣ ተበገስ፣ ህጀም፣ ተኩስ ..ወዘተ እምበር ኣበይ ክምዘሎኻን ናበይ ከም ትኸይድ ዘሎኻን ዕለት ክንደይ ከም ዝኾነን ሰዓት ክንደይ ከም ዝኾነን ኣይነግሩኻን ኢዮም። *እንተ ሓተትካ ክኣ፣ ኣንታ ጃሱስ ካበይ ተበጊስካ ናበይ ንምብጻሕ ኢኻ? ይብሉኻ።እቲ ቁሩብ ፍልጠት ካብ ነቲ ከባቢ ዝፈልጡ ተጋደልቲ ስለ ዝምልቕ ኢኻ ትረኽቦ)*
ኣነ ኣብዚ ግዜ እዚ ኣፋውስ ከምጽእ ተባሂለ ናብ ሕክምና ፍልፍል ብቦጦሎኒ ተልኣኽኩ። ኣነ ብወገነይ ኣብዚ ኢድ-ብኢድ ምጥፋእ ዝነበሮ ውግእ ኣይተኻፈልኩን።

ብጻይ ኣፍወርቂ ግን ኣብዚ ቦታዚ ብርቱዕ መቑሰልቲ ቆሲሉ ኣብ ሕክምና ፍልፍል ረኺብኩዎ። ኣነ ብዙሕ ክይጸናሕኩ ንኺዜን (ንበለዛ ዝጥምት ድፋዕና) ተመለስኩ። ደቂ ጋንታይ ክኣ ውግእ ወዲኦም ናብ ኺዜን ተመሊሶም ጸንሑኒ። ብዛዕባ ብጻይ ኣፍዉርቂ ከምዚ ዝስዕብ ክዛረቡ ሰማዕ ኩዎም፣ ናብ ጸላኢ ሰሊሙ። ሃዲሙ።...ወዘተ።
ኣነ ባዕለይ ብርቱዕ መቑሰልቲ ከም ዝቖሰለን ምናልባት ኢዱ ክትቁረጽ ክም ምኺናን ነገርክዎም።
እቲ መልሲ ግን ዘሕዝን ነበረ። "እዚ ትብሎ ዘሎኻ ሓቂ ክኸውን ኣይክእልን ኢዩ። ክውጋእ ከሎ ስለ ዘይርኣናዮ ባዕሉ ኢዩ ብበረቱ ተወጊኡ።" በሉኒ። ግና ክንፈልጦ ዘሎና ብመራሕቲ ወይ ኣባላት ሰልፊ ዘይፍቀድ ዘረባ ስለ ዘይነበረ፣ እዚ ዘረባታት እዚ ብእኦም ዝተባረኸ ኢዩ ነይሩ። ብጻይ ኣፍዉርቂ ናብ ኣሃዱኡ ኣይተመልሰን። ምናልባት እውን ተሰዊኡ ይኸውን። እቲ ቀንዲ ኣገዳሲ ነገር፣ ማለት ኣብ ሊስታኦም ከም ዝቖሰለ ዘመዝገቡዎ ኣይመስለኒን። እቲ ዓይኑ ዝጠፍኣት ብጻየይ ብድሕሪ ውግእ ኣፍደዩ ኣይረኸብኩዎን። ስድርኡ ከም ዝተረድኡ ግን ኣረጋጊጸ።
ኣነ ግን ሓንቲ ትምህርቲ ተማሂረ፣ ኣነ እንተ ተሰዊአስ፣ ስመይ ክኽበር ክነብር ኢዩ ዝብል ዝነበረኒ ሓሳባት መኺኑ። እምብኣር ዝተሰውኡ ክኣ ከም "ሰለይቲ" ኣብ መዝገብ ታሪኽ ክጽሓፉ ኢዮም፣ በልኩ። በዚ ምኽንያት እዚ ክኣ እታ ተጋዳላይ ዝጽበያ ዝነበረት እንኮ ደሞዙ እውን ርግጸኛ ከም ዘይኮነት በርሃለይ።

ክቡራት ኣንበብቲ፣ "ድኻ ዘገልገሎ ሃብታም ክኣ ዝተበደሎ ይቖጽር" ከም ዝብሃል፣ መሪሕነት ህ.ግ.ሓ.ኤ ተጠቒምካ ደርቢ ዝዕላምኡ፣ እቲ ኣገልገልት ዝገበሩሉ ኣይምዝግቦን ኢዩ።
ብዓቢዩ ኣብ ማይ-ሓባር ዝተገብረ ቅትለት ኣብነት ይኹንኩም። መሪሕነት ህ.ግ.ሓ.ኤ ናይ ዝበደልዎ መዝገብ ጥራሕ ኢዩ ዝሕዝ። ስለዚ ኩልና ትሓባቢርና ኣብዚ መዝገብ እዚ ክንምዝገብ ንፈትን ምእንቲ ኣብ ሃገርና ጽሓይ ክትበርቕ። ከምዚ እንተ ገቢርና፣ ብሓገዝ ኣምላኽ ሓደ መዓልቲ ኤርትራውያን ነንሕድሕዶም ተፋቒሮም ምስ ጎረባብቶም ብፍቕርን ብእንካን-ሃባን ዝነብሩላ ቀርኒ-ኣፍሪቃ ክትፍጠር ዘይሕለል ትምኒተይ ኢዩ።
ካብ ሓደ ጸላኢ ኣብ ውሽጢ ገዛስ፣ ሽሕ ጸላእቲ ብደገ ይሕሹ። እቲ ናይ ሃገርና ጸገም እዚ ኢዩ። ዓዋሉ መሪሕነት ህ.ግ.ሓ.ኤ እንጌራና በሊዖም ብዘዉጽእዎ ቀላጽምን ኣብ ገዛና ተቐሚጦም ብዝፈለጥዎ ድኻማትናን የጽኑቱና ኣሎዉ። እዚ "ወያኔ ዕድል ከሊኦሙኒ እምበር ኣነስ ደሞክራሲያዊ ኢየ" እናበለ ህዝብና ዘጽንት ዘሎ ተመን-ገዛ፣ ንሱ ኢዩ ቀንዲ ጸላኢና።

ዘልዓለማዊ ዝኽሪ ንስዉኣትናን "ሰለይቲ" ተባሂሎም ዝተቐትሉ ኣሕዋትናን
ሰላምን ፍትሕን ንህዝብናን እሱራትናን ውድቀት ንልጅ ኢሳያስን ደቀ መዛሙርቱን

ይቕጽል።

ሓጎስ ወልዱ
Fax +4912125514376271 ገይርኩም ስደዱለይ።
ካብ ኤዉሮጳ 004912125514376271 ገይርኩም ስደዱለይ።
knzareb@gmx.de